GGD
Amsterdam

# ውላድካ ካብ ሕማም ተኸላኸለሉ

## ክታበት ጸረ ሕማማት

ኣብ ክታበት ንእሽቶ ቫይረስ ወይድማ ባክተርያ ኣሎ። እዚ ግን ሓደገኛ ዘይኮነ ክፋል እዩ። እዚ ግን ነቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ናይ ውላድካ ከሕይል እኹል እዩ። ውላድካ ምስ ተኸትበ ብሕማም ክጥቀዓሉ ዝኽእል ዕድል ይውሕድ። ተኸቲቡ ኮሎ እንተሓሚሙ ግን መብዛሕቱ ግዜ ሕማሙ ቅልል ዝበለ እዩ።

## ምድላዋት

ውላድካ ኣብ ቅልጽሙ እዩ ክውጋእ።
ውላድካ ከተዳልዎ ጽቡቕ እዩ።

- ኣቐዲምካ ክኽተብ ከም ምዃኑ ንውላድካ ንገሮ።
- ኣብታ ዝወጋኣላ መዓልቲ ኣዘናጋዓዮ። ዝፈትዎ ባምሙላ ወይ ሙዚቃ፡ ወይ ድማ ንእሽቶ ፊልም ሒዝካሉ ምጻእ።
- ቅልጽሙ ጥርሑ ክኸውን ስለዘለዎ ብቐሊል ክወጽእ/ ክስብሰብ ዝኽእል ክዳን ክደኖ።
- ኣብ ሓደ ናይ ዕድመ ወረቐት ብዙሓት ቆልዑት እንተለዉኻ ኩሉም ቆልዑ ናብቲ ቆጸራ ሒዝካዮም ምጻእ።
- ውላድካ ምስተወግአ ነታ ዝተወግአት ኢድ ብዙሕ የንቀሳቕሳ።
- ውላድካ ዝፈርሕ እንተኾይኑ ብዛዕባዚ ተወሳኺ ምኽሪ ንክትረክብ ኣብ ወብሳይት ረአ። ካልእ ቆጸራ ውን ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

## ድሕሪ ክታበት ዘሎ ሳዕቤን

ድሕሪ ክታበት ውላድካ ረስኒ ክገብረሉ ይኽእል እዩ። ወይድማ ኣብታ ዝተወግኣላ ቦታ ክሕምሞ ይኽእል። ክደክም ወይድማ ክስልችዎ ይኽእል። እዞም ሳዕቤናት እዚኣቶም ሕማቕ ሳዕቤናት ዳኣ ይኹኑ ምበር ዘሸግር ግን ኣይኮነን። እንተዳኣ ተሻቒልካ ግን ኩሉ ግዜ ንዘቤታዊ ሓኪምካ ደውል።

## በሰፊሕ ተመርሚሩ

እዞም ክታበታት እዚኣቶም እኹል መርመራ ተኻይድሎም እዩ። ስለዚ ድማ ውሕስነት ከምዘለዎም ንፈልጥ። ገለ ክታበታት ንደቅና ን 65 ዓመታት እዮም ካብ ሕማማት ዝከላኸሉሎም።


## ሕቶ ኣለካ ድዩ?

ወይድማ ብዛዕባ እዚ ክታበት ምጥርጣር እንተለካ ደውለልና ወይድማ ምሳና መልእኽቲ ተጻሓሓፍ። ንሕና ክንሕግዘካ ቅሩባት ኢና።.

- ንኸይኸይደይ ብዚ ቁጽሪ ደውል፡ 020 555 5961.
- ኣብ ggd.amsterdam.nl/vaccineren ድማ ረአ።
- እንተዳኣ ተጠራጢርካ ኣብ rijksvaccinatieprogramma.nl/vaccinaties/twijfels ረአ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ከምኡውን ጽሑፍ ብእንግሊዝ, العربية , Български, Türkçe, ትግሪኛ en Українська እዛ ኰአር ኮድ ሰኣላ።





# መዓስ እዩ ውላድካ ዝኽተብ?

ኣብ ሆላንድ ወለዲ ንውላዶም ጸረ ረኽሲ ሕማማት ከኽትብዎም ይኽእሉ። እዞም ክታበታት እዚኣቶም ነጻ ኮይኖም ናይ ግድን ግን ኣይኮኑን። እዞም ክታበታት እዚኣቶም ን 12 ሓደገኛ ሕማማት ይከላኸሉ፡ ከም ትኽትኽታ፡ ተታኑስን ፖልዮን። ኩሎም ቆልዑ ኩሉ ክታበት እንተዳኣወሲዶም ብሙሉእ ሆላንድ ካብ ዞም ሕማማት እዚኦም መከላኸሊ ረኺቡ ኣሎ ማለት እዩ። ናይ ዕድመ ወረቐት ክመጻካ እዩ። ንስኻ ትገብሮ ዋላ ሓንቲ ነገር የለን።



### ኣብ ግዜ ጥንሲ
ትኽትኽታ (ኣብ መበል 22 ሰሙን ዝወሃብ ክታበት)

### 3 ወርሒ
- ተመሓላላፊ ሕማም ጎሮሮ፡ ተታኑስ፡ ትኽትኽታን ፖልዮን፡ ብባክተርያ ዝለዓል ረኽሲ፡ ውይቦ
- ረኽሲ ሳምቡእ ዘምጽእ ባክተርያ



### 5 ወርሒ
- ተመሓላላፊ ሕማም ጎሮሮ፡ ተታኑስ፡ ትኽትኽታን ፖልዮን፡ ብባክተርያ ዝለዓል ረኽሲ፡ ውይቦ
- ረኽሲ ሳምቡእ ዘምጽእ ባክተርያ

### 11 ወርሒ
- ተመሓላላፊ ሕማም ጎሮሮ፡ ተታኑስ፡ ትኽትኽታን ፖልዮን፡ ብባክተርያ ዝለዓል ረኽሲ፡ ውይቦ
- ረኽሲ ሳምቡእ ዘምጽእ ባክተርያ



### 14 ወርሒ
- ጽግዕ፡ ንፍዮን ፍሮማይን
- ኣንቅጺ



### 4 ዓመት
ተመሓላላፊ ሕማም ጎሮሮ፡ ተታኑስ፡ ትኽትኽታን ፖልዮን፡

### 9 ዓመት
- ተመሓላላፊ ሕማም ጎሮሮ፡ ተታኑስ፡ ፖልዮ፡
- ጽግዕ፡ ንፍዮን ፍሮማይን

### 10 ዓመት
- ንሕማም መንሽሮ ማህጸን ዘቃልዕ መልክፍቲ ቫይረስ

### 14 ዓመት
- ኣንቅጺ



### መግለጺ ብሓጺር ዝተጻሕፉ

| | |
|---|---|
| ተመሓላላፊ ሕማም ጎረሮ | ንፍዮ |
| ትኽትኽታ | ፐልዮ (ብቫይርስ ዝለዓል መልመስቲ ህጻናት) |
| ተታኑስ (ጭዋዳታት ዘድርቕ ሕማም) | ብባክተርያ ዝለዓል ረኽሲ |
| ፍሮማይ | ወይቦ |
| ጽግዕ | ንሕማም መንሽሮ ማህጸን ዘልዕ መልክፍቲ ቫይረስ |